# <u>ንፍሽለት ዓወት ምባል መዓስ ተለምደ?</u>

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ማዝያ ብመንእሰያት ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን (መ.ህ.ግ.ደ.ፍ) ኤውሮጳ ዝተመደበ መበል 13 ዋዕላ ኣብ ሃገረ ነዘርላንድ ከተማ ቨልድሆቨን ክገብሩ ተመዲቡ ከም ዝነበረ ተዓዚብና። ብኡ መሰረት መ.ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ሙሉእ ኤውሮጳን፡ ወከልቲ ካብ ኣሜሪካ፡ ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕን፡ ዋዕላ ክሳተፉ ናብዛ ዝተጠቕሰት ሃገርን ከተማን ኣስታት 650 ዝኾኑ መንእሰያት ተረኺቡ። ዓላማ ናይቲ ጉባኤ ምስጢር ከምዘይኮነ ጀማሪ ከምዘይ ኮነን ንኣእሙሮ ዘለዎ ሰብ ግሁድ ኔይሩ። ነቲ ብመሪር ቃልስን ከቢድ ሂወት ዝተኸፍሎ ነጻነት ንምዕቃብን ለበዋ ሰማእታትና ኣብ ግብሪ ንምውዓል መንእሰያት ከም ተቐበልቲ ሕድሪ መጠን እዞም ብታሪኽ ሃገሮም ኩሩዓት፡ ሃገር ኣብ ምህናጽን ልዕላውነታ ኣብ ምክልኻልን ነቲ ኣብ ማእገር ኣቦታቶም ተጻዕኑ ዘሎ ሓላፍነት ክቕበሉ ብንቕሓትን ትብዓት ዝተበገሱን ተወደቡን ምኻኖም ድሮ ቅድሚ 13 ዓመታት ዝተፈልጠ እዩ።

እዞም መንእሰያት ኣብ ኤውሮጳ ዝነብሩ ብመቦቆሎም ኤርትራውያን ዝኾኑ ዜጋታት እተን ሃገራት እዮም። ከም ኩሉ ኤውሮጳዊ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ሃገራት ኤውሮጳ መሰሎም ሕሉው፡ ከም ኩሉ ኤውሮጳዊ ጉቡኣቶም ዘማልኡ፡ ንምዕባለን ሰላምን ዘዝነብሩለን ሃገራት ብተወፋይነትን ብስነ ስርዓትን ዘበርክቱ መንእሰያት እዮም። ጽገዕተኛታት ወይ'ውን ብልመና ዝነብሩ ኣይኮኑን። ብትምህርትን ኣተሓሳስባን ዝለዓለ ሚዛን ዘለዎም፡ ባህሎምን ሃይማኖቶምን ባህልን ሃይማኖት ካልኦት ኣህዛብ ዘኽብሩ እዮም። ሳላ እዚ ቁዱስ ሃገራዊ ፍቕሪ ዘሕደሩ ካብ ዝኾነ ኣሎታዉ ነገራት ዝረሓቑን፡ ነቶም ብዕድመ ካብኦም ዝንእሱ ቅኑዕ መንገዲ ዘትሑዙን እዮም። ውዳበኦም ኣብ ኤሮጳ ጥራሕ ካብ 10,000 ንላዕሊ መንእሰያት ዝሓቖፈ ክኸውን ከሎ፡ ብኡ መጠን ልዕሊ 10,000 ገበናት ከይፍጠሩ ቅኑዕ መኣዝን ዝተኸተሉ እዮም። ዓሰርተ ክልተ (12) ዓመታት ጉባኤ ኣካይዶም እንትርፎ ጽቡቕ ኣብነት ንኻልኦት፡ ብኦም ዝተፈጥረ ጸገም ከምዘይነበረ ባዕለን እተን ዝነብሩለን መንግስታት ዝምስክርኦ እዩ።

እሞ ስለምንታይ ደኣ ኣቶ ጃክ ሚከር ከንቲባ ከተማ ቨልድሆቨን ነዘርላንድ (Mr. Jack Mikker Mayor of Veldhoven Netherland ) ነዚ ጉጉይ ሓላፍነት ዝጎደሎ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ እዞም ሕጋውያን ብሕጊ ተማእዚዞም ብሕጊ ኣፍቂዶም ብሕጊ ዋዕላኦም ከካይዱ ዝመደቡ መ.ህ.ግ.ደ.ፍ. መደቦም ክኾልፍ ዝተበገሰ? እንታይ ዘይሕጋዊ ነገር ስለ ዝረኸበ እዩ? ከምኡ ክገብርኸ ቅዋም ነዘርላንድ (Netherland) የፍቕደሉ'ዶ? ዘበን ግሪምቢጥ ማይ ንዓቕብ ከምዝበሃል ሕጋውያን ኮኒንካ ዘይ ሕጋውያን ምድጋፍ ንስሙን ስም ከተምኡን ዘዋርድ'ዶ ኣይኮነን? ነቶም ብስም ፖሎቲካ ንዓመታት ዝመሸመሹን ዝጠፈሹን ሃገርን ህዝብን ኩቦ ዝደርበዩላ፡ ብስም መስኪናይ ጋሻ መንእሰይ ዝጣልዑ ኮራኩር ሰብ ክልተ ሽበት ሰብ ኩፉእ ታሪኽ በዓል <u>ዳፍላን</u> መሰልቱን ክሳብ መዓስ እዮም መንእሰያት እናኣታለሉ ክነብሩ? ነዚ እሓልፈለይ ደኾን እሉ ፍቕዶ ሳሃራን ውቕያኖስን ሰጊሩ፡ መከራን ሕሰምን ዝረኣየ መንእሰይ፡ ኣብ ክንዲ ንምህሮን መነባብሮን ክገብር ምትሕብባሩን ምትብብዑን ንምክንያቱ ፖሎቲካዊ መልክዕ ኣትሒስካ ኣብ ባህሊ ሕብረተ ሰብና ዘይነበረ ጉጉይ ኣባሃህላታት ድፍረትን ምምሃሩ ንረብሓ መን? ብጸርፍን ፈኸራን ከምጽኦ ዝኽእል ፍረኸ ኣሎዶ? እንትርፎ ተኸብኪቢ ኣብ ካርሾሊ ምዱጋን?

ዳፍላን መሰልቱን መንእሰይ ብፖሊስ ቨልደሆርን (Veldhoven) ኣብ ማእሰርቲ ክኣቱ ከሎ ተልእኮና ብጽቡቕ ፈጺምና ክብሉ ኣብ ዩቱብ (YouTube) ተራእዮም። ብሓቂ ከኣ ተዓዊቶም። ዓወት ባዓል ዳፍላ መንእሰያት ኣብ ጸገም ምውዳቕ እዩ። ዓላምኦም ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ እዩ ተዓዊትና ዘበሎም። ኣቱም መንእሰያት ኣብዚ ጉጉይ ሽነኽ ናይቲ ኣጋጣሚ ዝነበርኩም ተቛውሞ ምርኣይ ዝነበረን፡ ዘሎን ፡ ዝነብርን እዩ። ብበዓል መን ትምራሕ? ንምእንታይ ትቋወም? ኣብ ዓድመን ኮንካ ትቋወም? እንታይ ሕግታት ተማልእ? ከመይ ዘኣመሰለ ስነ ስርዓት ተዘውትር? መስደዲኻ ምኽንያት እንታይ'ዩ? ወዘተ... ዝኣመሰሉ ሕቶታት ቅድሚ ኣብ ጽርግያ ሆሆ ኢልካ ምጭዳርን ብዕሉግ ቃላት ምድርባይን ብልቦናን ብነፍሰ ምትእምማንን ክምለሱ ዘለዎም ሕቶታት ቅኑዕ መልሲ ክወሃቦም ይግባእ። እቶም ከም ዓበይቲ ኣቦታት ኢልኩም ብናይ ኣኽብሮት ወይስ ስለ መንግስትን መራሕቲ ኤርትራን ዝተጻረፉን ዝውንጅሉን ቕድሚ ምስዓቦም፡ እንታይነቶም ምፍላጥ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። መቋወሚኹምን መቋወሚኦምን መበገሲኡ ሰማይን ምድርን እዩ። ሕሉፍ ታሪኾም፡ ዝንምባሊኦም፡ ዓላምኦም፡ እምነቶም ፡መንዮም መወልቶም ካብቲ ብዙሕን ቀንድን ክጽናዕ ዘለዎ እዩ።

ኣብቲ ቀንዲ ጉዳይ ንመለስ። ከንቲባ ከተማ ቨልድሆቨን ምስ ጉጉያት መኺሩን ተመኺሩን ዘይ ፍትሓዊ ስጉምቲ ወሲዱ። እሞ በቲ ዝወሰዶ ስጉምቲ ካብ መንእሰያት እግደፍ ብወንጀል ዝተኸሰ ኣሎ'ዶ? የሎን። ስለምንታይ? ምኽንያቱ መ.ህ.ግ.ደ.ፍ. ወረስቲ ቁዱስ መንፈስን ተሞኩሮን ስለ ዝኾኑ ዝጻልኤ ይጽልኣዮም ዝሓሰወ ይሓሱ ከርክበሎም ስለ ዘይክእል። ሕግን ስነስርዓት ኣኽብሮን ስለ ዝውንኑ። ስዓብቲ ዳፍላ ግን ናብ ካርሸሊ እዮም ተዳጉኖም። ካብዚ ጽቡቕን ኩፉእን ተማሂርኩም ምስ ኣሕዋትኩም መ.ህ.ግ.ደ.ፍ. ክትስለፉ በዚ ኣጋጣሚ ሓሳበይ የካፍል።

ዋዕላ መንእሰያት ከም ሕልሚ ጥፉሻት በርዒኑ'ዶ ወይስ ሰሲኑ? ቁሩብ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ጉዕዞ ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ንመልከት። ካብ ደርፍታት ሰውራ ' ከረን እናበልዎስ ድቕድቕ ርእሲ ምድሪ'። መንእሰይ ህዝባዊ ግንባር እዚ ተሞኩሮዚ'ዩ ሰኒቑ። ኣብ ተግባር ከኣ ዘውዓሎ። ሕልሚ ኮራኩር ወያነ ከላስ ከንቲባ ዳጊኑዎም፡ ፈሺሎም፡ ከሲሮም፡ ሓፊሮም፡ ጭርኦም ደጉሎም ወዘተ...እናበላ ኣብቲ ጥርሑ ዝተረፈ ሆተል ኣፈን ከፊተን እንዳምቦሃቛ ዓይነን ጨምጪሙ ከደናግራን ክሕስዋን ከለዋ፡ እቲ ዋዕላ ብመሰረት ንኹሉ ድሉው ኩን ዝብል ተሞኩሮ ህ.ግ. ዝወጸ መደብ መሰረት (Plan B) ብዝበለጸን ዝገፍሔን ኣብ ሰላም ዝነገሰ ሰለስተ ቦታታት ብዕዉት መንፈስን ትኻይዱ።

ኣብዚ መበል 13 ዋዕላ መንእሰያት ህዝባዊ ግንባር ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ዝገብሮ ንመጀመሪያ ግዜ ተሳትፎ ውዳበ ህጻናት ኣሰር ምስ ኣያታቶም መንእሰያት ህዝባዊ ግንባር እዩ። እቲ ምውርራስ ጽኑዕ ሱር ዝሰደደ፡ ነቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ መትከል ኣስፈሩ ዝተቓለሰሉ እሞኻ ብተግባር ተሰንዩ ዝቕጽል ዘሎ ምዃኑ'ዩ። ህዝባዊ ግንባር ንመንእሰያት ኮስኩስካ ተቐበልቲ ሕድሪ ናይ ምግባር መትከሉ ኣብ ጽሑፍ ኣስፈሩ ከተግብሮ ዝኸኣለ ትማል ድሕሪ ነጻነት ዝተበገሰሉ ኣይኮነን። እቲ ውድብ ብዕሸሉ ከሎ ነቲ ዝነበሮ ራኢ ክዉን ንምግባር ኣብ ግዜ ሰውራ ህጻናት ብስነ ሓሳብን ተግባርን ኣካላዊ ጥርካረን ብፍቕርን ምትእምማንን ኮስኩሱ የዕቢ ከም ዝነበረ ታሪኽ ዝምስክሮ ኣብ ርእሲ ክኻኑ፡ እቶም ብኾምኡ ተኾስኩሶም ዝዓበዩ ናይ ሽኡ ህጻናት ናይ ሎሚ መራሕቲ ሃገር ዘለዉ ባኣካል ዝምስክርዎ እዩ። መ.ህ.ግ.ደ.ፍ. ነዚ ተሞኩሮ'ዚ ብተግባር ብምጥቃም ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝበልኩዎ ብግዲኦም ወረስቶም ዝኾኑ ኣሰር ይኹስኩሱ ኣለዉ። እዚ ከኣ'ዩ ንህ.ግ. ሓይልን ዓወትን ዝህቦ።

በዚ እጋጣሚ ነቶም ነቲ ዋዕላ ዘዳለዉን፡ ኣብቲ ዋዕላ ብኣካል ዝተሳተፉን፡ ካብ ሩሑቕ ንዓወቱ ዘተባብዑን ዝተኸታተሉን የውሃና ክብል እፈቱ። ኮምኡውን ነቶም ትማሊ ኤርትራ ከም ሃገር ከትከውን ህዝባ ናይ መሬቱ ዋና ክኸውን ዝተበጀዉ ሰማእታትና ኣብ ዘሎኹሞ ቅሰኑ፡ ዓላማኹም ሽቶኡ ሃሪሙ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ጾር ማእገርኩም ኣብ ማኣገሮም ተሸኪሞም ብመስዋኣትነትኩም እናተሓበኑ ሃገር የውሕሱን ይሃንጹን ኣለዉ። ኮምኡ'ውን ንመላእ ዝህቢ ኤርትራ ብፍላይ ሓይልታት ምክልኻል ምስቲ ዝኣተዎ ሕድሪ ዘይጠልም ሃገር ኣብ ምሕናጽ ዕድሚኡ ዘሕልፍ ዘሎ መሪሕነት የሃና፡ ተቀበልቲ ሕድሪ ቅያ መትከልኩም ኣውሒሶም ኣለዉ ክብል እፈቱ።

ነቶም ብዝጠፈኡ ተገሪሆም ካብ ቅኑዕ መስመር ኣንደልሂጾም ዘለዉ ጌጋ ምስ ወዲ ሰብ መፋጥርቲ እዩ። ጌጋ ምግባር ዘይቁቡል እኳ እንተኾነ፡ እቲ ዝኸፍኤ ግን ካብ ጌጋኻ ዘይምምሃር ስለ ዝኾነ እቲ ለባም ዝበሃል ካብ ጌጋኡ ዝመሃር'ዩ እሞ ብዝገበርኩሞ ጌጋ ከይደረቅኩም ካብኡ ተማሂርኩም ኣብቲ ቅኑዕ መስመር ተመለሱ። ብጌጋኻ ምእማን ዝዓኣበ ልቦና ስለ ዝኾነ ንጽቡቕ ተጠቐሙሉ። ነዞም ክልተ ሽበት ዘብቆሉ ሰብ ዓሰርተ መልሓስ ብዋጋ ሂወትኩም ክጣልዑ ፍጹም ዕድል ኣይትሃብዎም። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ታሪኾም ፈትሹ።

ዘልእለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።